# ውሳነታት መበል 12 ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ

መበል 12 ዋዕላ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ፡ ካብ 24 – 28 ሚያዝያ 2016፡ ”ውሁድ መኸተ ንልምዓትን ውዱን ሽርክነትን!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ሪፓብሊክ ኢጣልያ ተቓኒዑ። ኣብ ዋዕላና ካብ ውሽጢ ኤርትራን 15 ሃገራት፡ ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣሜሪካን ካናዳን ዝመጹእና 500 መንእሰያትን ዕዱማትን ተሳቲፍና።

ኣብ ዋዕላና፡ ብጻይ የማነ ገብረኣብ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣቦ-መንበር ሃማመተኤ፡ ሓላፊ ህግደፍ ዞባ ወጻኢ ብጻይ ሚኪኤል ተፈሪ፣ ሓለፍቲ ሚሽናትን ዲፕሎማትን ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኤስያ፡ ሰሜን-ኣሜሪካ፡ ወከልቲ ሃገራውያን ውዳቤታት ኣብ ኤውሮጳ፡ ኢጣልያውያን መሓዙትን ኣብ መንጎና ተረኺቦም።
ዋዕላ፡ ንወዳቢት ኮሚተ (COC)፡ YPFDJ Italy፡ ሚሽናን ሃገራውያውን ውዳቤታትን ልዑል ምስጋና የቕርብ።

መበል 12 ዋዕላ፡ ኣብ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ዓለምን፡ ኣብ ቀዳምነትታት መኸተን ልምዓትን፡ ሰፊሕ ዘተን ገምጋምን ብምግባር፡

1. ንገስጋስን ብድሆታትን ጉዕዞ ርብዒ ዘበን ናጽነት ተረዲኡ። ከም ቅያ ሓርነታዊ ቃልሲ ናጽነት፡ ከም ሃገርን ህዝብን ህላወናን ቀጻልነትናን ምውሓስና፡ ቀዳማይ ዓወት ርብዒ ዘበን ናጽነትና ምዃኑ ብምእማን፡ ኩሉ መዳያዊ ፈተነታት ገጢምና፡ ድሉዱል ሰረታት ሃገርን መንጸፍ ቁጠባዊ ልምዓትን ከነንብር ምብቃዕና ንሕበነሉ ተኣምር ህንጻት-ሃገር ዝሓለፈ 25 ዓመታት ምዃኑ ግንዛበ ደሪዑ።
2. ኣንጻር ኩሉ መሰናኽላት፡ ዚሙገስን ንሕበነሉን ሰረት ሃገርነትን ሃገራዊ ልምዓትን ኣንቢርና ምህልዋና ብምእማን፡ ራኢናን ጥሙሕናን ተጨባጢ ኪኸውን፡ ራህዋ ዜጋታትና ዘረጋግጽ ሃገራዊ ቁጠባን ፖለቲካዊ ስርዓትን ንምህናጽ፡ ዝነውሐ ጉዕዞን ዝዓበየ ግድልን ስራሕን ከምዝጽበየና ነቒሑሉ።
3. ታሪኻውያን ጸላእትና ኣንጻር ህላወና ከም ሃገርን ህዝብን ዘንቀዱ ምዃኖም፡ ልኡላውነትና ካብ ምሕካኽ ዚትሕት ዕላማ ከመይዝብሎም መረዳእታ ኣስፊሑ።
4. ዕላማና ንምርግጋጽ ይኹን ተጻብኦታት ብምልኣት ንምስዓር ወሳኒ ዓውደ ጥምጥም ቁጠባ ምዃኑ፡ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት መኸተና እምበኣር፡ ክብረት ዜጋታትና፡ ሃገራዊ ስኒትን ጸጥታን ዘውሕስ ሃገራዊ ቁጠባ ምህናጽ ምዃኑ ዳግም ኣስሚሩሉ።
5. ከም ትማሊ ሎሚ፡ ሰረተ-እምነት ህግ ኣብ ወሳኒ-ተረ ሰብ ዚምርኮስ ምዃኑ፡ ምምዕባል ዓቅሚ ሰብ፡ ሞያውን ቁጠባውን ዕብየት ብቐጻሊ ምርግጋጽ፡ ኣብ ረብሓ ሃገር ምኽታቱን፡ ወሳኒ እምነ ኩርናዕ ስትራተጂ ልምዓትና ከም ዝኾነ ተረዲኡ፡
6. ድሕሪ እቲ ዘየባተኸ ዜናዊ፡ ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማስያውን ፓለቲካውን ተጻብኦታት፡ ካብ መድርኽ ምርብራብን ምክልኻልን፡ ናብ ደረጃ ንጥፉ-ተበግሶ ተሰጋጊርና ምህላውና ብምግንዛብ፡ ቅኒትን ኣቃውማን ኣእምሮና ክንድርዕ፡ ኣንፈትና ብምምዕርራይ መኸተና ከነሕንን ዕግበት ኣሕዲሩ።

7. ሱታፌ ኣብ ሰውራ፡ ቀንዲ ረቛሒ ዓወት ምዃኑ ዳግም ብምርኣይ፡ ምርግጋጽ ሰፊሕ ሱታፌ ሓፋሽ ኣብ ኩሉ መዳያት መስርሕ ህንጸት ሃገርን መኸተን ኪዓቢ፡ ብሓያል ውዳበ ኪድራዕ፡ ውህደትን ምምልላእን ዘሰስን ተልእኾ ሃገራዊ ሽማግለ ብዝለዓለ ኪሰርሓሉ ከምዝግባእ ተሰማሚዑ።

መበል 12 ዋዕላ፡ ሕቶ ጉዳይ መኸተ-ሜድያ፡ ጥብቅናን፡ ስትራተጂካዊ ሽርክነትን ኣመልኪቱ፡

1. ከም ኣካል ንጡፍ ተበግሶ፡ መኸተ ጥብቅናን ሕግን ኪብርኽ ከምዝግባእ ተሰማሚዑ፡
2. ኣብ መኸተ ሜድያ፡ ዓቅሚ ደሊብና ብሓይልና ኪንገጥምን ግርማና ከነጉልሕን ከም ዝግባእ ኣስሚሩ፡
3. ምህናጽ ስትራተጂካዊ ኪዳናት ኣብ ሰውራና ኣገዳሲ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ዳግም ብምርኣይ፡ ሕጂ'ውን ብፕራግማቲካዊ ትሕዞ፡ ኣብ ረብሓ መኸተናንን ልምዓትናን ዚኸትት ሽርክነት ንምዕባይ ኪንሰርሕ ተረዳዲኡ።

መበል 12 ዋዕላ፡ ኣብ ቴማ ውድባዊ ድልዳለ ኣብ ዝገበሮ ዘተ፣

1. ካብ መበል 11 ክሳብ መበል 12 ዋዕላ፡ ዝተወጠኑ መደባትን ትግባረኦምን፡ ዘለዉ ብልጫታትን ድኻማትን ዝተመዝገቡ ኣሳልጦን ገምጊሙ።
2. ብድሆታት ገጢሞም ካብ ምብጋስ ክሳብ ሎሚ ሽግ ቃልሲ ጨቢጦም ዘለዉን ከምኡ'ውን ኣብ ኣሰር ስዒቦም ዝቃለሱ ዘለዉ ኣባላት YPFDJ ኤውሮጳ፡ ፍሉይ መጎሱ ኣቕሪቡ።
3. YPFDJ ኤውሮጳ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ውሽጢን ግዳምን ዘሎ ናይ ህግ ተቓላሲ ውዳበ መንእሰያት ኤርትራ ምዃኑ ሕጂ'ውን ኣስሚሩሉ።
4. YPFDJ ኤውሮጳ ከም ኣካል'ዚ ዋዕላ፡ 2ይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡
    1. ትካላዊ ዓቅምን ኣወዳድባን ኣገባባትን ብዕቱብ ኪሰርሓሉ ዳግማይ ብምስማር፡ ንዝቐረበ ንድፊ ሰነድ "ውሽጣዊ መምርሒ" ምንቅስቓስ ብደረጃ ኤውሮጳ፡ ኣጽዲቑ።
    2. ውድባዊ ድልዳለን ምትርጓም ዕላማን ሽቶታን ቀጻሊ ግድል ምዃኑ ብምእማን፡ ስትራተጂካዊ ውጥን 2016-2019 ከም ኣገዳሲ መርሓ ትግባረን፡ መደብ ስራሕ 2016\17 ኣጽዲቑ።
    3. መደባት ፖለቲካዊ ትምህርቲን ንቕሓትን ብዝለዓለ ኪድፍኣሉ ወሲኑ፡
    4. ንኽልተ ዓመት ተገልግል፡ 5 ዝኣባላታ መሪሕነት (ማእከላይ ኮሚተ)፡ መሪጹ!

መበል 12 ዋዕላ፡

1. ወያነ ወሪሩ ሒዝዎ ካብ ዘሎ መሬትና ብዘይቅድመ ኩነት ኪለቅቕ፡ ቃልስና ብጽንዓት ከምዝቕጽል የረጋግጽ!
2. ተቓጢኑ ዘሎ ኢፍትሓዊ እገዳ ባይቶ-ጸጥታ ብምልኣት ንምፍሻል መኸትኡ ብዝሓየለ ክቕጽል ወሲኑ፡
3. መቐጸልታ ተጸባኢ ውጥን ዝኾነ፡ ውዲት ሰብኣዊ-መሰል (COI ን Special rapporteur)፡ ፍጹም ንምስዓር ብዝሓየለ ከምዘሰርሕ ዳግማይ ኣረጋጊጹ፡

ኣብ መደምደምታ፡ መበል 12 ዋዕላና፡ ነቲ ኩሉ መዳያዊ ተጻብኦታት ገጢሙ እንዳሰዓረ፡ ብዝመጸ ማዕበላት ከይተገፍዐ፡ ንቕሎን መዓልቦን ተልእኾኡን መብጽዓ ሰውራን ኣጽኒዑ፡ ንርብዒ ዘመን ኣብ መኸተን ልምዓትን ተረማሪሙ ንዝረትዐ፡ ህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ህግን መሪሕነትናን ሞጎሱ ይገልጽ።

የሃና ብሩራዊ ኢዮቤል ናጽነት!
ስማእታትና ብግብሪ ይደበሱ!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
27 መጋቢት 2016 - ኢጣልያ